# ወፍሪ ዋርሳይ ይካኣሎ ወፍሪ ጊላነት

(ንእሱ ኣርእስቲ ስድራ-ቤትን ጾታዊ ሽሕጣንን)

**ሳልሳይ ክፋል።**

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሎሚ ኣርእስትና ነቲ እኩይ ኣወዳድባ ኢና ክንምልከት። ሰብ ኣብ ማሕበርዊ ህይወቱ ምስ ከምኡ ፍጡር ዝነብረሉ ናይ ሓባር ውዕል ክኸትም ባህሪ ትድርኾ። ኣብ ኣማዓባብላ መነባብሮ ሰባት ንኹሉ ጎድናውን በይናውን ወይ ውልቃዊ ውንትኦም ብተናጸል ከማልእዎ ክግንዘብዎ ዘኽእል ግዴታ ኢዩ ዝድርኾም። ካልእስ ይትረፍ ኣብ ምህላውን ዘይምህላውን ዝተኸፍለት ዓለምና ኩሉ ፍጡር ብሰሪ ድኻሙ ክወርዶ ዝኽእል ካብ ባህርያዊ ክሳብ ግዳማዊ ሓይሊ ንምክልኻል ክምክት ከም ዘለዎ ይርዳእ። ክምክት ድማ ሓይሊ ከድልዮ ናይ ግድን ይኸውን። ስለዚ እቲ ናይ ህላዌ ምክልኻል ደራኺ መድረኽ ስለ ዝኾነ ኣብቲ ጸፍሒ'ቲ ክድየብ ዝግብኦ ዘይተርፍ ግዴታ ይኾኖ። ካልእ ንናይ መነባብሮ ወጥርታት ንምቅላል ብውልቃዊ ዝግበር መሃዝነትን ኣፍራይነትን ብውልቃዊ ይጀመር እንበር፣ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ሕጽረታት ኣብ ዘጋጥሙሉ ንምፍትሑ ብልሃት ከናዲ ይግደድ። ኣብቲ ናይ ነብሰ-ምክልኻል'ውን እንተኾነ በይንናዊ ሜላ እኹል ስለ ዘይከውን ተደራቢ ሓይሊ የድሊ። ኣብ ናይ ምህሪቲ ምብርካት እውን ሓይልን ብልሓትን ተወሳኺ ምኽርን ኣእዳውን ብሓባር ንሽግራት መቃለሊ ከም ዝኾነ ይግንዘብ። ስለዚ ሰብ ነዚ ኢዩ ኣብ መሰረ-ቡቃልዩኡ ብጻይ ክህልዎ ዝብል ክልሰ-ሓሳባዊ ኣብ ክንዲ ብጽሑፍ ብተግባር ዝብክሮ።

ሰብ ከም ፍጡር ምስ መናብርቱ ብፍኑው ኣብ ውዕል ዘእቱ ዘይተጻሕፈ ሕጊ ይቕበል። ንበል ክጥቃዕን ክቕተልን ስለ ዘየፍቅድ፣ መናብርቱ እውን ክቕተልን ክጥቃዕን የብሉን ዝብል መርገጺ ቁቡል ገይሩ ዝቕበል። ሕልና እንብሎ ብኻልእ ኣዘራርባ መቦቀል ስርዓትን ሕግን ኢዩ። ጥዑይን ምዕሩይ ሕልና ኣብ ጽፉፍ ስነ-ምግባር (ኤቲክስ) ስለ ዝምርኮስ ንኹሉ ናይ ምዕሩይ ብጽሒት ዝካፈል ሓለፉን ግዴታን የንብር። ማሕበራዊ ቅርጺ እንብሎ ካብዘን መባእታዊ ሕግታት ብዘይ ተጻሕፈ ባህርያውያን ሕግታት ዝተልፈላ ፈልታሊታት ኢየን። ዘይተገርሓን ዘይተጻዕደን ፋሉላዊ ባህሪ ግን ብጎድኒ ዝቦ\ቕላ ጫለዳታት ንብለን። ምዕሩያት ከም ቅርጻን ስጡማት ኣስናን ክርኢ ዘይብህግ ሰብ የለን። ጽባቐ ክንብል ከለና መልዕን ጉብዝናን ወሰነቲ ረቛሒ ኣይኮናን። ግደ ግን ኣለወን። እታ እንኮን ወሳኒትን ግን ኣተሓሳስባን ፍልጠት ሓዘል ተመክሮ ዝዓሰለት ኣእምሮ ኢያ። ኣእምሮ ምስ ትብከል ድማ ብመለክዕን ቅርጽን ተጻልያ መስመር ስሒታ ብድዐን ስስዐ ተዘንብል። ክልቲኤን ንሕትውና ይወልድኣ። ብሕትውና ማዕከን ጽልኢ ስለ ዝኾነት ማሕበራዊ ህይወት ትፍንጥሕ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶር ወልቀ-መላኺ እቲ ቀንዲ ዲያብሎስ ጥራይ ዘይኮነስ ርእሰ-ዲያብሎስ ከም ዝኾነ ኩሉ ተግባራቱ ዘይተጻሕፈ ምስክሩ ኢዩ። ንኹሉ ባህርያዊ መስርሕ ስለ ዝጻረር ድማ ጸይቀ-ግኑን ዝፍለጥ ሕማም ዝወጠሮ፣ ውሽጣዊ ኣተሓሳስብኡ ብዘይካ ምጽያቅ ካልእ ቅንጣብ ካብ ማሕበርዊ ባሕሪ ወጻኢ ገሃነም ዝፈናጠር ስሚ ይንስንስን። ብመዓር ዝተጠቕለለ ገለ ጽቡቕ ነገር ኮሓሒሉ ንትርኢት ክፍኑ ከሎ፣ ኣብቲ ሰደድ ስምን መርዝን ጥራይ ዘይኮነስ ኣሰርን ጨናን ዘይብሉ ህልቂት የኸትል። ከምዚ ንርኦ ዘለና ድማ ደገፍቱ ከይተረፉ እንዳ ጠፍኡ ይስሕቁ።

1. ምፍንጣሕ ስድራ-ቤት፡-

ስድራ ትብል ብንጽል ትጽዋዕ መግለጺት መሰረት ናይ ኩሉ ሕብረተ-ሰብ መባእታዊት ትካል ኢያ። ብዘይከአ ዝቐውም የለን። ውልቀ-ሰብ ከም ኣባል ሕ/ሰብ በይኑ ንጹልን ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ክብሪ እውን ከይተረፈ ምሉእ ግምት ዝወሃቦ ኣይኮነን። ብሓጺሩ ንህላዌ ሃገርን ህዝብን ኣንፈት ዘይሕንበብ ሰራውር ኣብ ሓደ መስመር ዝጸንት ወይ ድማ ናይ ዝሓለፈ ዝበትኽ ኢዩ ተባሂሉ ከም ዝጽዋዕ ይገብሮ። ብሓጺሩ ጻንታ ይበሃል። ብሓፈሽኡ ሃገርን ሕብረተ-ሰብ ቀጻልነቶም ዝረጋገጽ ብስድራ ትብል ቃል ኢያ። ስድራ ክንብል ከለና ኣብ ሓንቲ ሕብረተ-ሰብ ብእምነት እውን ከይተረፈ መድሕን ህላዌኦም ገይሮም ዝቐበልዋ ቀንዲ ሃብቲ ማሕበራዊ ሃብቲ ኢያ። ምዕሩይን ጥጡሕን መልክዕ ናይ ሓንቲ ሃገር ዝረጋገጽ፣ እቲ ድሙርን ጥሙርን ናይተን ስድራታት ህላዌ ፍቕረን ርኢና ኢና ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ሕብረተ-ሰብ ንብል። ኩሉ ሕግታትን ስርዓታትን እውን ካብቲ ጽፉፍ ቀጻልነት ናይ ስድራ ህላዌን ምዕባለን ይቦቅል። ኣብ ገለ ስድራ-ቤታት ናይ ሃዲንካን ማእሪርካን ምንባር ዝብል መንገዲ ስለ ዝኸተል ክሳብ ንኻልእ ኣጽኒትካን ወሪርካን ዝኸይድ ወፈራታት የካይዱ። ከም ጨካናትን ኣረሜናውያንን ዝብል መጸውዒ ንተግባሮም ዝገልጽ ታሪኽ እውን ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ጽሑፋት ዘረጋግጾ ጭብጥታት እውን ነንብብ። ንሓደ ጥዑይን ለዋህን ሓቀኛን ህብረተ-ሰብ ዝይተናኾል ባህሪኡን ጠባይኑ መዝሚዞም ነቲ

ንወለዶታትን ንመዋእል ዓቂብዎ ዝጸንሐ ባህሉን ልምዱን ምትእስሳሩ ፈንጢሑካ ዘይነበረን ዘይተለምደን ምብትታን ዝፈጥሩ ከም ጭቡጥ መረዳእታ ካብ ከይስን ሳጥናኤላውን ሸርሕ ልዕሊ ህግደፍ  ካልእ ኣካል ክህሉ ኣይክእልን። ንዓና ንኤርትራውያን እዚ ዓሚቕ ናይ ጥፍኣት ጎደና ክንጎዓዝ ዝገበረና እዚ ምስ ናጽነትና ተሓዊሱ ኢሞ ተሓጉርና ዘእተናዮ ናይ ኣርዮስ ሰልፊ ኢዩ። ኣዕናዊ ሱሩ ጋሊህና ክርእን ነቲ ዕያግ ባህሪኡ ናይዚ ከሓዲ ኣካል  ክንኩዕቶ ዘለና ወሳኒ ዕማምና ክኸውን ኣለዎ። ንምፍላጡ ድማ ንተመራመርቲን ንህዝብን እዛ ቀጺላ ትስዕብ ዝተፈጸመት እሞ ድማ ብጉሁድ ምስ ጭብታታ ምግላጽ ናይ ግድን ይኸውን። ኣድላይ ስጉምቲ ንክንወስድ ተበራብረና ኢያ ክገልጽ። ጽቡቕ ምክትታል ድማ ይግበረልና እብል። እንሆ!!

ኣብ ክፍሊ ዜናን ፕሮፓጋንድን ህዝባዊ ሓይልታት ንመጽናዕቲ ዝቐረበ ነጺልካ ዝኸይድ ዳህሰሳን ትንታኔን ከም ኣርእስቲ ንሓንቲ ስድራ-ቤት ምብርባር ዝብል መጽናዕቲ ክግበር ዝብል ትእዛዝ ይመሓላለፍ። ምስቲ ናይ ውግእ ሓድሕድ ንከበሳ ገጹ እንዳ ቀረበ ዝኸደሉ ዝነብረን ዝተቐልቀለሉ ኣብ መወዳእታ 1973 ዓ.ም ነቶም ከም ፋሽን ወይ ቅዲ ማርክሳዊ ክልሰ-ሓሳብ ዝወነኑ ምሁራት ናይ ኣቦን ናይ ኣደን ተራኦም፣ ኣብ ስድራ ነጺልካ ዝድህሰብ ብተናጸል ክቐርቡ ይሕተቱ። ኣብ ክልተ ጉጅላ ፈልዮም ድማ ኣቦ ኣብታ ስድራ እንታይ ታራ ይጻወት፣ ኣደ ድማ ኣብ ስድራ ታርኣ እንታይ ይመስል ዝብል ምርምር ዝገብሩ ክልተ ጉጅለታት ይቐማ።። ነተን ጉጅለ ኣብቲ ዝገብርኦዎ ምርምር፣ ረብሓን ኣድላይነቱ ኣይተራእየንን። ዕላማን ሸቶን ናይቲ መጽናዕቲ እውን ኣይበርሃለንን። ንስድራ ዝምልከት መጽናዕቲ ኣይደልን ዝብል ኣይኮነን ሕቶአን። ግን ምስቲ ቅርጺ ናይቲ ውድብ ብመጀመርያ ከም ቀዳማይ ዕማም ንመግዛእቲ ዕምሪ ምሕጻር ዝግበር ቃልሲ፣ ፈሊኻ ስድራ-በታዊ መጽናዕቲ እሞ ካብ ኩለን ስድራ-ቤታት ተፈሊኻ ኣብ ሽንጥሮታት ሳሕል ተሸጉጥካ ክልሰ-ሓሳባዊ ምርምር ከተካይድ ኣይተራየንን። መጽናዕቲ እውን ምስ ተግባራዊ ሌላ ዝህብ ከባቢ እውን ንእሽተይ ቁንጭል ኣቢልካ ተካይዶ ነገራዊ ፈተነ (Practical test ወይ ናይ መዳህሰሲ ነገራት ስለ ዘይብሎም ከም project facility) ኣብ ዘይብሉ ከባቢ ከምኡ ዝብለ መጽናዕቲ ምስ ምንታይ ክተሓሓዝ ይኽእል። ከምዚ ዝበለ መጽናዕቲ ምስ ቁጠባዊ መሰነይትታ፣ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝሓዘ ሕጋውን ፍትሓውን መጽናዕቲን ቀረብን፣ ምስ ኩሉ ቅርጺ ናይተን ብሄራትን ወከልተንን ዝካየድ፣ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን ውህሉል ጭብጥታት ኣድለይቲ ረቛሒታት ዘይምህላውም  ጥራይ ዘይኮነስ መወከሲታት ዘይትረኽበሉ ኮይኑ ስለ ዝተሰመየም ኢዩ ነቲ ሕቶታት ከዓለዓል ዝኸኣለ። ሓደ ሓኪም ብዛዕባ ስድራ-ቤታት ዝምልከቶ ብዙሕ ጉዳይ ኣሎዎ። ንሓደ መምህር እውን ከምኡ። ኣብያተ ፍርድን፣ ፖሊስን፣ ምክልኻልን፣ እምነታትን እውን ዝምልከተን ነናተን ግማዕ ጸብጻባት ከቕርባ ይኽእላ ዝብል እውን ከም ርእይቶ ኣብተን ክልተ ጉጅለ ይቐርብ። ግን እዘን ቅርጽታት እዚኤን ካብቲ እታ ውድብ ሒዛቶ ዘላ ከባቢ ወጻኢ ኢየን ዘለዋ። እንታይ ድኣ ኢዩ እሞ ክጽናዕ? ግን ፖለቲካዊ ጠለብ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። እዚ ካልእ ናይ ውግእ ዓውዲ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ዶኾን ይእወጅ ይኸውን? ገለስ ኣሎ ዝብል ጥርጣሬታት ይብርትዕ። እሞ ህዝባዊ ሓይልታት ነዚ መጽናዕቲ ካብ ተድህበሉ ጽባሕ ነዛ ሃገር ንበይና ክትብሕታ ዝብል ትጽቢት ኣለዋ ማለት ኢዩ ዝብል ሕቶ ብሕሽኽሹኽ ይለዓል። ነቲ ነዛ ናይ ምብሓት ሕቶ ዘቕርብ ብጻይ፣ ዋእ ክሳድካ ምስኣን ከም ዝኾነት ኣይሰሓተን። ይኹን ኣንበር ነቲ እኩይ ዕላማ ፋሕቲርካ ንምምዝጋብ ስውር ጻ|ሪ ይካየድ። ኣድላይ ስለ ዝኾነ ምስቲ መጽናዕቲ ምቕጻል ከም ምስ ተመን ሓቢርካ ምንባር ገርካ ይውሰድ። ከይነኽሰካ ትከላኸል፣ ወይ ምንካስ ዝብልዎ ምስ ትመጽእ ድማ መድሃኒት ቀሪብካ ምጽናሕ። እተን ጉጅለታት መጽናዕተን ይጅምራ።

ኣቦን ተርኡን። ገለ ኣቦ ከም ኣርሓ ኣምሲሎም የቕርብዎ። ብዊንታ ተበጊሱ ንዊንትኡ ናይ ሓባር ከም ዝኾነ ረሲው ብሓይሊን ድርኺትን ከም ዝህንደድ ይግለጽ። ኣቦ ስልጣን ባህሪያዊ ዲዩ ወይስ ካብ ነገራዊ ኣማዓባብላ ኢዩ ዝብገስስ? ሓያልን ኣዛዝን ኮይኑ ልዕሉል ቦታ ዝሓዘ መዓስ ኮን ይኸውን? ኩሉ ፍረን ቀረብን ንሱ ዘፍርዮ ኮይኑ ይርአ። ስለዚ ዓብላሊ ታራ ክጻወት ዝገበሮ ብኣፍራይነቱ ተመኪሑ ኢዩ ዝብል እውን ይቕጽል። ነዚ ናይ ምዕብላል ባህሪኡ ዘጋድድ ድማ ከም ድልየቱ ንግዳምን ንውሽጥን ስለ ዝነቀሳቐስ ኣዛዚ ናይ ክልቲኡ ኣንፈታት ይገብሮ። ክብርን ግርማን ንበይኑ ይብሕት። ሓይሉን ስልጣኑን ናይ ምምቓል ፈተነ ከይካየድ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ሕግን ስርዓትን እምነትን ከይተረፈ ክረጋገጽሉ ኩሉ ዘድልዮ ሜላታት ይጥቀም። ኣንስተይቲ እውን ኣብ ትሕቲኡ ከም ትጽቀጥ ገይሩ፣ ባህሪ ድኽምቲ ገይሩ ከም ዝፈጠራ ክትቅበል ብመጅመርያ የገድዳ፣ ድሕሪኡ ድማ ከም ትኣምነሉ ይግበር። ነዚ ክትቅበል እውን ንኣንስተይቲ ጾታ ካብ መጀመርያ ውልድ ክትብል ከላ ጸቕጢ ክትቅበልን ንቡር ገይራ ክትወስድን ብእምነትን ስርዓትን ቅቡል ዝኾነ ታሪኻዊ መግለጽን ሕግታትን ከም ኣገባብ ይሰፍር። ንኣንስተይቲ ዝኸውን መጸውዕታትን መግለጺታትን ይቐርቡ። ስለዚ ሰብኣይ ከም ኣፍራይን ኣቕራብን ናይታ ስድራ ቤት ኢዩ። ኩሉ ብኡኡ ይቐርብ፣ ኣዛዝን ወሳንን ንሱ ይኸውን። ወዱ ድማ ወራስ ዓረት

ይገብሮ። ኣብ ናይ ክብሪ ዝፋትን ደይቡ ልዕሊ ኩሎም ኣባላት እታ ስድራ-ቤት ኩጢጥ ይብል። ኩሎም ነቲ ናቱ በሓቲ ቦታ ስለ ዝነጽግዎ፣ ብፍንው ነፍሲ ወከፍ ንጹልን ዘይገሃድ ተቓውሞን ኣለዎም ይብል እቲ ጽሚቕ ትንታኔ። ካልእ እውን ክትንተን መተኻእለ፣ ግን ነቲ ዕላምኡ ክወቅዕ ዝደሊ ግን እኹል ኢዩ። ኣብ ልዕሊኡ መስዋእቲ ትብል ኣምር ኣብ ርእሲ ነፍስ-ወከፍ ስለ ዘላ፣ መዓስ ተመርዕየ ስድራ ዝገብረሉ ዕድል ከጋጥመኒ ኮይኑ ዝብል ሽለልትነት ዘኸተለ ኩነታት ነይሩ። እቲ ጉድ ግን እቲ ፍልልይ ናይ ክልቲኦም ጾታታት ምስ ተገንጸለ እንታይ ኮን ክፍጠር ኢዩ ዝብል ሕቶ ኢዩ ክበርህ ዘለዎ።

ኣደ፣ ኣብቲ ናይ ምፍራይ ጉዳይ እውን ነቶም ዝውለዱን ዝፈርዩን ቆልዑ ኣፍራይት ገይሩ ዘቕርባ ትንታኔ ኣብ ሕ/ሰብና የለን ተባህለ። ብሓጺሩ ኣደ ቆፎ ኢያ ኮነ። ነቲ ዝኣተወ ፍሬ ተቐቢላ ኢያ ትቕይሮ እንበር፣ መበቆል እንዳ፣ ዓሌት፣ ዘርኢ እቲ ሰብኣይ ኢዩ። ንቀጽል፥ ኣደ ባዕላዊ መጸውዒ ኣለዋ። ግን ቀጻልነት ስምን ውርሻን ግን ብሕጊ ንጽልቲ ኢያ። ኣደ ተውርሶ ነገር ግን ነቲ ውድብ ዘድልዮ ነገር ኣሎ። ብድሕሪ ኣደ ተሞኽሊኻ ዝቐርብ ረብሓ። ውድብ ንመግዛእቲ ሰሩ ቦቂሱ ኢዩ ኪኖ ሓጺር ዘባርር። ዘድልይኦ ክልተ ዕርድታት ምፍራስ ኮነ። ግርም ናበይ ንምብጻሕ ኢዩ። ኣደ ዝቐረበላ ትቕርብ። እኽሊ ይወሃባ፣ ትስንክት፡ ትግዕት፡ ዝተዃሰያ ኣሓ ጸባ ሳላ እቲ ኣቦ ዘጥረያ ይልግሰእ። ተፍልሕ፡ ትሓቁን፡ ተጽዒ፣ ተጠስም፣ ኮታ ካብ ክልቲኡ እቶት ዝወጸ ናይ ምግብና ዕማማ ተካይድ። ነቶም ዝወለደቶም ደቃ ትሓጽብ፣ ትከናኽን፣ ለውሃታ ትምግብ፣ ፍሽክታኣ ተስንቕ፣ መሚቂት ብርሃን ገዛ ኢያ። ነቲ ኩሉ ለውሃታ ዘንበቡ ደቃ ፍቕሮም ኣብ ልዕሊኣ ዝለዓለ ኢዩ። ተኣዛዚት ስለ ዝኾነት፣ ምስኡውን ተረጊጻን ተዳሂኻን ስለ ትነብር፣ ተጸማምነታ ካብ ኩሉ ንዓሊ ኢዩ። ኣንጻር መርገጽታ እውን ኣይትለዓልን ዝብል ንውድብ ዘገድስ መለክዒ ትንታኔ ይወሃባ። ካብዚ ኣሕጺርካን ጸሚቕካን ዝወጽእ መግለጺ ነቲ ውድብ እንታይ ክገብሮ ዝኽእል መመዓረይ ጉድይ ኣሎ። ቀጺልና ንርኤ!!!

ብመጀመርያ ኣብ መላእ ሕብረተ፣ሰብና ክዋፈር ዘለዎ ውድባዊን ፖለቲካውን ዕላማ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ግን ጸላኢኻ ምልልይ ኢዩ።ብዙሕ ምትንታን ኣየድልዮን። ቀዳምይ ጸላኢና መግዛእቲ ኢዩ። ንተባዕታይን ኣንስታይን ብሓባር ዝድህኽ መግዛእቲ። ብህግደፍ ዝንዛሕ ሃልወሳ ከምዚ ይብል *„ኣንስተይቲ ግን ድርብ ጭቆና ኢዩ ዘለዋ“።* እወ እዚ ዓለማዊ ተርእዮ ኢዩ። ንምፍትሑ ድማ ኣብቲ ናይ ጸላእቲ ምንጻል ኤርትራ ስርዓታን መንግስታን ምስ ተኸለት ኢዩ ዝፍጸም። ህግደፍ ግን ነዛ ኣርእስቲ ኮነ ኢሉ ኢዩ ኣልዒልዋ። ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ዝእምት ኢዩ። ድርብ ወፈራ ከም ዘለዋ ህግደፍ ነቲ ኣርእስቲ  ናይ መግዛእትን ናይ ጾታን ንጹህ ሓናኺርካ ተቕርብ እሞ ኣብ ትሒቲ እዚ ጽላል ዝመስል ወቕዒ ተመሓላፍ። ምቁር መርዚ ይብልኹም እዚ ኢዩ። እወ ሓቂ ኢዩ ግን ነዚ ድኣ ካብ ንስለፍ ጀሚርና ዝረኣናዮን ዝተሰለፍናሉን ዕላማ እንድዩ። እቲ ሓደ ጸላኢና ዝርድኦ ብረታዊ ረጽሚ ስለ ዝኾነ፣ ዓጢቕና ኣለና። ናይ ክልቲኡ ጾታ ፍታሕ ግን ኣብቲ ነካይዶ ማሕበራዊ ጉዕዞና እንዳ ኣማዓራረና ኢና ከካይዶ ዘለና። ንስዒበን ዝመጻ ብጾትና፣ ናይ ቃልሲ መደብ ኣውጺእና ብሓባር ነተግብሮ ጉዳይ ኢዩ። እዚ ኩሉ ትንታኔ ብሓጺሩ ናይ ጾታ ሕቶ ኮይኑ፣ ናይ ማዕርነትን መሰለን ጉዳይ ስለ ዝኾነ ኣካል ቃልስና ኣብ ዕላማን ኣስፊርናዮ ኣለና። ስድራ-ቤት ግን ምስቲ ናይ ማዕርነት ዝፍታሕ ኢዩ። ኢልና ኢልና ናበይ ኢዩ ኣንፈትና ኣይተረዳኣንን ትብል ሕቶ ትደጋገም። ውድባዊ ሕቶ ቀጺልና ንርኦ ድማ ከም መደምደምታ እዛ ትስዕብ መግለጺት ብሓጺር ትገልጻ። ናይ ሽዑ ህዝባዊ ሓይልታት ግን ኣዝዩ ንኡስ ጉጅለ ናይ ሎሚ ህግደፍ ኣብ መንጎ ሓንቲ ስድራ-ቤት ከመይ ገይራ ትኣቱ? ብኣቦ ገይራዶ ብኣደ? ነየናዮም ምሓዝ ኢዩ ንዓና ዘዋጽኣና ዝብል ካብቲ ግቡእ ኣፈታትሓ ወጻኢ ጠዊኻ ንሕብረተ-ሰብ ኣብ ዓዘቕቲ ምሽማሙ ዝተሰረተ ኢዩ። መልሱ ድም  ቀሊል ኢዩ። ኣቦ ናይ ግዳም ሰብ፣ ናይ ቤት ኣዛዚ ስለ ዝኾነ ካብ ክልቲኦም ንሓደ ከም ጨቋኒ ነቲ ካልኣይ ድማ ከም ተጨቋናይ ገርና ነቕርቦም። ስድራ-ቤት ምምቃል። ብሓጺሩ ናብቶም ቆልዑ ንምእታው መኖም ዝያዳ የርበሓና። ናብታ ቤት ክንኣቱ ኢና ደሊና። ዘገድሱና እቶም ናእሽቱ ኢዮም እሞ ቆልዑ ብሓፈሽኡ ነቦኦምዶ ነዲኦም ይፈትዉ? ነዲኦም ኣንበር። ስለዚ ሰተት ኢላና ገዛ ክንኣቱ ንኣደ ንሓዝ ትብል ትዕወት። ብኸምኡ ድማ ስድራ ቤት ተማሪኻ። ግን ኣብ ጾታዊ ፍታሕ ዝቐርጽ ስርርዕ ከም መፍትሒ እውን ብመትከላዊ ከይተሓንጸጸ ኣንስትዮ ብዋሕዚ ይሰለፉ፣ እታ ናይ ሓባር ዓወት ብኽልቲኦም ተደምዲማ። ወዶም ጓሎም ተሰዊኦምላ። ናይ ጾታ ፍልልይ ኣብቶም ተጋደልቲ ኣይተራእየን። ካብ መጀመርያ ክስለፉ ከለዉ እውን ጸቕጥን ጭቆናን ተረዲእዎም ሽድኦም ነጸልኦም ሒዞም ኢዩም ተሰሊፎም። ካብ ክልትኡ ጾታታት። ኣብቲ መርምሩን ተመራመሩን ዝበለ ክሳብ ሎሚ ከምታ ንምርመራ ዝኸፈታ ዕላምኡ ኣብ ስልጣን ተኾዲጩ ንመግዛእቲ ናይ ክልቲኦም ጾታታት ብዝኸፍአ ይቕጽሎ ኣሎ። መን ረቢሑ መንከ ተጎዲኡ። ዝረብሐ ፈጺሙ የለን። ዝተጎድአ ግን ክልቲኡ ድንበ። ሎሚ እውን ብዘይካ እቲን ከም ገዛእቲ ኮይነን በጻብዕ ዝቑጸራ በዓል ኣስክሉ በዓል ፈውዚያ በዓል ሰልማ እንተዘይ ኮይነን ካልኦት ማዕርነተን ኣብ ሞት ዘረታገጸ ከም ኣስቴራት ከም ሰናይትን ብጾተን ዝምስክርኦ ሓቅታት

እንተዘይ ኮይኑ ንኣንስታይ ጾታ ዘደናግርን ዝድህኽን መብረስ ሃገር ስርዓት ኢሰያስ ንኹሉ ክበጽሖኦን ከብጽሖን ዝኽእላ መብጸዓታት ናተን ናይ ብጾተን ሓሪምዎን ደምሲስዎን ይርከብ።

እቲ ቀንዲ ናይቲ ምርምር ግን ሽቱኡ ከምቲ ህግደፍ ትደልዮ ወቺዑ። ሎሚ እተን ቀንዲ ጭቁናት ኣደታት ነታ ዕረ በይነን መጽየንኣስ እንዳ መረረተን ከላ ግርምቢጥ ከም ቅጫ ኣብ ፈቾዶ ሰልፊ ከንበድብደኣ ከበሮ ክድስቓን፣ ምዕጉርቲ እቲ ኣራዊት ክስዕማን ተወሳኺ ክነብዓን ከለዋ ክትዕዘብ፣ በቲ ካልእ መዳይ ዓለም ንናይ ኣንስተይቲ ጾቕጢ ክትድርቢ ትቃለስ፣ ገሊኤን ግን ኣብታ ናይ ጥፍኣት መርከብ ተወጢሐን ምርኣይ ብጣዕሚ ትሓዝን። ነቶም ዝተቓለሱን ዝተቓለሳን ርሲዕክን ነቲ ማህጸንክን ዘንቀጸ፣ ፍሬኽን ዘህለቐ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤት ተሸጉጡ ከም ዘሎን ዘዕኑን ዝያዳ ንስኽን ክትምክትኦ ምተገባኣክን። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣሕዋትክን በቲ ከርፋሕ ናብረ ህዝብና ዘስካሕከሓ ምስቲ ናይ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምጅማር ጀሚረን ቅድሚ ምውላድ ብረታዊ ቃልሲ ኣቐዲመን ስድረአን ክረድኣ ኣብ ክድምናን ስደትን ዝትዋፈራ መን ይርስዐን። ናይ ህይወተን ኣመት ከይገበራ ንስድራ-ቤተን ዝመገባን ዘጥለላን ጀጋኑ ስውኣትና ኢየን። ቤትን ሓደርን ከይረኣያ ኣብ ስደት ንስድረአን ንሰውራን ኢየን ከዲመን። ፍረ ጻምኤን ዝወፈያ ንሰን ። ሎሚ ንዐአን ትኽውን ኀጆ ስኢነን ተደርብየን ጠዋሪ ውላድ የለ፣ ሓው ስኢነን በብቑሩብ ይሃልቃ ኣለዋ። እቲ ዘገርም ድማ እተን ደቀን ኣብ ሕቕፊ'ቲ ቀታል ኣደታተን ኣቦታተን ክስዕስዓን ከጣቕዓን ክትርኢ ህግደፍ ክሳብ ክንደይ መብረሲት ሰልፊ ከም ዝኾነት ይበርሃልና። ሎሚ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ተሳታፍነት ኣዝዩ ድሩትን ዳርጋ ድኹምን ኢዩ። በቲ ንርእዮ ቲቪ ዝቐርብ ናይ ህግደፍ መግለጺ ግን ተሳታፍነተን ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ኣብ ልኡም ቅዲ ተቐይሩ ብህግደፍ፣ ዝካየድ ፈስቲቫል ኮነ መርዓ ክግበር ከሎ መንነት <u>*ዓያሱ ወርቂ ሚዶ ኣብ ጮግሪ ርእሲ፣ ዓቐነ ኣልቦ ዝብጦ ምስግነት ተልጠል ዝብል ሕንጅግጃግ በናጅር በብዓይነቱ ኮታ ብታቸለቶ ምስ ቀብዘዘር፣*</u> ንዝዕዘብ ሃገረንን ህዝበንን ኣብቲ ዝለዓለ ምዕባለ ከም ዘሎ ዝገልጽ ጠውዛሕዛሕ ተመልኪቱ ሕርኽርኽ ይብሎ። መርዓና ዘይውጁህ፣ ጓይላና ቀጥዒ ኣልቦ ኮይኑ ብዝረኣዩና ንፍንፈን ኣለና። ቀዳም ወይ ሰንበት መርዓ ኣሎ ክበሃልን ናይ ምኩሕሓል ኮነ ናይ ምሽማት ሸበድበድ ገለ ወራር ከም ዘሎ ኢዩ ዝሕብረካ። ኣብ መወዳእታ ሓደ መንእሰይ ዝገለጸለይ ክሕብር እፈቱ። <u>*መምህር ተስፉ ስምዓኒ ኣነ ኣብ ስደት ኢየ ተወሊደ። ህዝብና ኣብ ዝገብሮ ርክባት ከም መርዓ ጥምቀት ወይ ፈስቲቫል ካልእ ኣጋጣሚታት ክዕዘብ ጀሚረ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ ናይ ዓለም ቁጠባዊ ዝሕታለ ዘውትርር እኪታተል። ኣብ መወዳእትኡ ኣመሪካ፣ ጃፓን፣ ጀርመን፣ ፈረንሳ፣ ብሪጣንያ፣ ካልኦት ሃብታማት ሃገራት ኣብ ቅልውላው ከም ዝኣተዋ ይእውጃ። ኤርትራ ግን ካብ ኩለን ከም ትህብትም ክዕዘብ ክኢለ። እዚ ክብለካ ኣብ ኣተኣሳልያ ስድራን ደቆምን ዘይኮነ ኣብ ካልእ መዳይ ማለተይ ኢየ። ናይ ገንዘብ ወይ ሃብቲ መዐየሪ ወርቂ ኢዩ። ከም ዝመስለኒ ኣብ ኩለን ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ኣደታትና ዘለውን ናይ ወርቂ እንተ ዝእከብ፣ ናይ ኤርትራውያን ኣዴታት ወርቂ እቲ ዝለዓለ መኾነ። ስለዚ ኤርትራ ሃብታም ኢያ። ናይቲ ብቪድዮታት ወሊዐን በዓል ኣደይ ዘርእያናን ኣብ መርዓታትን ዝረኣኽዎ ኢየ ዝገልጸልካ ዘለኹ እንበር፣ እቲ ዘይረኣኽዎ እንተ ዝድመርስ ካልእ ክኸውን ምኽኣለ።*</u> (በለኒ) ኣነ ድማ ነታ ናይ ስድራ-ምርምር ትብል ናይ 1973 ዘኪረን ትዝ በለትንን።

ኣብ ሳልሳይ ርክብ ረዲኤትን ሽፈጥን ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ትብል ኣርእሲ ኣብ ቀረባ ሒዘ ክቐርብ ኢየ እሞ ደሓን ቀንዩ።

*ተስፉ ዘውደ።*